DANSK FLYGTNINGE HJÆLP
Frivillig

## ምስ ሰብ መዚ ንዝርርብ ክትከይድ ከለኻ፥

## ሓደ ወለንተኛ ምሳኻ ክኸይድ ትደሊ ዶ?

ንዝርርብ ንኣብነት ናብ ምምሕዳር ከተማ፥ ምምሕዳር ወጻእ-ጉዳያት፥ ወይ መጋበእያ ስድራቤት፥ ክትከይድ ከለኻ፥ ሓደ ወለንተኛ ተሓጋጋዛይ ክወሃበካ፥ ምስ ናይ ዴንሽ ስደተኛታት ቤት ጽሕፈት ተሓጋጋዚ ኣካል ተራኸብ።

ሓደ ዝተሓባበር ኣማኻሪ፥ ምስ ሰብ መዚ ኣኼባ ክህልወካ ከሎ ምሳኻ ዝኸይድ እዩ። ንሱ ኸኣ፥

- ኣብ ጉዳይካ ኣቓልቦ ክህልወካ
- ኣብቲ ኣኼባ ዝበሃል ብሂል ብኣድህቦ ንምስማዕ
- ንጹርን ዕምቖ ዝበለ ሕቶታትን ንምቕራብ
- ዝተወስደ ውሳኔ ንዓኻ ብከመይ ይጸልወካ ንምርዳእ ይተሓባበረካ።

ተሓጋጋዛይ ኣስተርጓሚ፥ ጠበቓ፥ ናይቲ ጉዳይ ወኪል እውን ኣይኮነን፥ ከም ተሓባባራይ ጥራይ ኮይኑ እዩ ዝካፈል።

## ተሓጋጋዛይ ብከመይ ትረክብ?

ኣብ **bisidder@drc.ngo** ጸሓፍ ወይ ናብ ቁጽሪ ሰልኪ **+45 60268002** ደውል።ኣብ **drc.ngo/frivillig/bisidder** ኣቲኻ ´ውን መሕተት ክትመልእ ትኽእል። ተሓጋጋዛይ ንምርካብ ነጻ ዘይክፈሎ እዩ።

እቲ ብፍቶቱ ዝተሓባበር ሰብ፥ ምስጢር ናይ ምዕቃብ ግዴታ ኣለዎ። ኩሉ ንስኻ እትነግሮ፥ ኣብ ትሕቲ ቅጥዒ ሕጊ ብስቱር ይተሓዝ።

Tigrinya

DANSK FLYGTNINGE HJÆLP
Frivillig

## ብፍቶቱ ዝተሓጋገዝ ሰብ በየናይ ኣገባብ ይተሓባበረካ?



ንዝርርብ ንክትከይድ ሓደ ብፍቶቱ ዝተሓጋገዝ ሰብ እንተደኣ ደሊኻ፥ ናባና ደውል ወይ ጸሓፍ። ንኣብነት ምስ ምምሕዳር ከተማ፥ ምምሕዳር ወጻእ-ጉዳያት ወይ ውን መጋባእያ ስድራቤት ክኾኑ ይኽእሉ።



ሓደ ዝተሓባበረካ ወለንተኛዊ ተሓጋጋዛይ ክንረኽበልካ ንኽእል። ንሱ/ሳ ካብ ዝሓተትካሉ እዋን ኣብ ውሽጢ 1-3 ናይ ስራሕ መዓልታት ይ/ትራኽበካ። ብዛዕባ ምስ ሰብ መዚ ዝካየድ ዝርርብ ምድላው ንምግባር፥ ምስ ተሓጋጋዛይ መዓስን ኣበይን ከም ትራኸቡ ቆጸራ ትገብር።



ንስኻን ተሓጋጋዛይካን ምስ ተራኸብኩም፥ ሒዝካዮ ዘለኻ ሰነዳት ትዕዘብዎ። ተሓጋጋዛይካ ብግቡእ ዘድሊ ቅጥዕን ግቡኣትን ኣማሊእካ ንኣኼባ ክትዳሎ ይተሓባብረካ።



ኣብ እዋን ኣኼባ ተሓጋጋዛይ ብድሕሪት ይጽጋዕ። ጉዳይካ ባዕልኻ ትገልጽ፥ ንሕቶታት ከኣ ባዕልኻ ትምልስ። ተሓጋጋዛይካ ጽን ኢሉ ይሰምዕ፥ ኣገደስቲ ነጥብታት ይሕዝ፥ መልሲ ክትረኽበሉ ዘድሊ ሕቶታት ንምድላው ከኣ ይተሓባበረካ።

ብድሕሪ ኣኼባ፥ ብዛዕባ ውጽኢት ኣኼባን ቀጻልነትን ምስ ተሓጋጋዛይካ ትዘራረብ።

**ርኽኽብ ምሳና!** ናብ bisidder@drc.ngo ጸሓፍ ወይ ናብ +45 60268002 ደውል